

ቅዱስ አባ ገብረ ክርስቶስ ዘሊባን ወገሪቆ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ።

ጽኑዕ እምነቶም፡ መንነቶም ክሳዕ ዝሥወር ዝገበረ ናይ እምነት ሓርበኛ እዮም። "ዘይፍለጥ ክኸውን እየ ዝፈቱ፥ ከምዝኾነ ታራ ሰብ ክቍጸር ከኣ እደሊ " ዝብሉ ዝሰሩ አባ ገብረ ክርስቶስ። ኣብ መወዳእታ ናይ ዓሠርተው ትሽዓተ ክፍለ ዘመን ብ (1898) ዓ.ም. ኣብ ኤርትራ ኣብ ሊባን ወገሪቆ ተወልዱ። ኣባ ገብረ ክርስቶስ ሰም ወላዲኦም ናይዝጊ ብሂል ጻድቅ፤ ስም ወላዲቶም ድማ ምልእቱ ከም ዝብሃል ካብ ብሕይወት ዘለዉ ቤተ ሰቦም ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

እዞም ብንእሽቶኦም ልሳኖም ብትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ዝኸፈቱ ኣቦ! ጊዜ ቍልዕነቶም ኣብ መጓሰን ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምምሃርን እዮም ኣሳሊፎምዎ። ኣሰይ ዲቁና ወሲዶም፡ መን ነይሩ መምህሮም፡ እኳ ክንፈልጦ እንተዘይከኣልና፡ ፍቕሪ እግዚአብሔር ብንእሽቶኦም ቀለም ኮይኑ ኣብ ልቦም ስለ ዝተጻሕፈ፡ ንዝያዳ መንፈሳዊ ትምህርትን ( መንፈሳዊ ሕይወት ንምዕባይን ምስ ሥድራን መቕርብን ስለዘይከኣል፡ ናብ ገዳም ፃዕዳ እምባ እንዳ ሥላሴ ብምኻድ እንፈሳዊ ትምህርቶም እናቖጸሉ፡ ብርድእና የገልግሉ ምንባሮም ይፍለጥ። ተወሳኺ ካልእ ምንጪ ከም ዝሕብሮ ናብ ጀብረ ዳሞ (ኢትዮጵያ) ብምኻድ ዜማን ቅኔን ከም ዝተማህሩ ይሕብር። አባ ገብረ ክርስቶስ ነጋዲ (በጻሒ) ቅዱሳት መካናትን ገዳማትን ብምንባሮም። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ ኣብ ቀላይ ጣና ንዝርከባ ገዳማት ከምኡውን ኣብያተ ክርስቲያን ላሊበላ በጺሖም ምንባሮም ይንገር።

አባ ገብረ ክርስቶስ ዋላ'ኳ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከባ ገዳማት ይመሃሩ፡ ምንኩስናኦም ግና ኣብ ፃዕዳ እምባ እንዳ ሥላሴ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ ፃዕዳ እምባ እንዳ ሥላሴ ኣቐድም ኣቢሎም ዝነበሩ ብዕድመ ነዊሳ እዋን ዝገበሩ ኣረጋውያን ኣባ ገብረ ኤዎስጣቴዎስ ተባሂሎም ይጽውዑ ከም ዝነበሩ ይሕብሩ። ኣባ ገብረክርስቶስ፡ ኣብ'ቲ ገዳም ከለዉ፡ ኣዲኦም ምልእቱ ኣብኡ ምህላዎም ስለዝተሓበራ፡ ክበጽሓኦም ኣብ ዝኸዳሉ እዋን፡ "ፈላሲ ካብ በዓቱ፤ ዓሣ ካብ ባሕሩ ኣይወፅእን እዩ" ብምባል፡ ገጽ ወላዲቶም ንኸይርእዩ ብትሪ ተቓወሙ። ኣዲኦም ምልእቱውን ንፍቓዶም ብምቕባል፡ "ደኃን፤ መንግሥተ ሰማያት ቤትና'ዩ፥ ኣብኡ ክንራኸብ ኢና" ብምባል ልቢ ማኅበር ዘረስርስ ቃል ሂብን ንዓደን ተመልሳ።

ምኻድ ናብ ግብጺ

ኣብ ገዳም ፃዕዳ እምባ ኬድና ዝረኸብናዮ ኣፈ ታሪኻዊ ሓበሬታ ከም ዝሕብሮ፡ አበ ምኔት ናይ'ቲ ገዳም ዝነበሩ አባ ግርማጽዮን (ደኃር ኣቡነ አትናቴዎስ) ንአባ ገብረ ክርስቶስ ኣብ ጾመ ፍልሰታ ንዕዮ ማኅበር ክልኣኹ ሓበርዎም። አባ ገብረ ክርስቶስ ድማ፡ "ሕጂ ጾመ ፍልሰታ'ዩ፥ ውሥጢ ገዳም ኣትየ ሱባኤ ዘካይደሉ እምበር። ሥራሕ ግዳም ዝሠርሓሉ ጊዜ ኣይኮነን" ብምባል ዓቢይ ፍቕሪ ናይ ኣዴና ቅድስተ ቅዱሳን ድንግል ማርያም ከም ዝነበሮም ንኣባ ግርማጽዮን ኣርኣይዎም፡ "ኣይፋልካን፤ ከም ቀደምካ ብጥብኣት ትራድኣሉ ጊዜ'ዩ" ኢሎም ምስ ኣጽንዕሎም ግና፡ ብዘይፍቓድ አበ ምኔት ናብ ገዳም ኣትዮም ክልተ ሰሙን ምሉእ (ምሉእ ጾመ ፍልሰታ) ብዘይመቕነን በዓቶም ከምዝዓፀዉ ይንገር። ጾመ ፍልሰታ ወዲኦም ናብ አበ ምኔት ብምኻድ፡ "ንስኻ ብሥራሕካ፣ ኣነ ብግብረይ ኣብ'ዚ ኣይንቕበርን ኢና" ብምባል፡ ንጊዚኡ ታራ ዝመስል፡ ደኃር ትንቢት ኮይኑ ዝተነጸረ ቃል ብምዝራብ ናብ ግብጺ ኣምርሑ።

አባ ግርማጽዮን መዓርግ ጵጵስና ተሸይሞም ካብ`ቲ ገዳም ብሥራሕ ወፂኦም ኣብ ካልእ ከባቢ ክቕበሩ ከለዉ፡ አባ ገብረክርሰቶሰ ድማ ካብ ገዳም ፃዕዳ እምባ ነቒሎም፤ ብሱዳን ኣቢሎም ናብ ገዳም ኣልበራትስ ግብጺ ኣተዉ። ናብ ገዳም ኣልበራሙስ ዝኣተውሉ ጊዜ ድኅሪ ናይቲ ሽዱሽተ መዓልቲ ውግእ እሰራኤልን ግብጽን ብምንባሩ፡ ነቲ ዶባት ብኽመይ ሰጊሮምዎ ነቶም ገዳማውያን ዘደንጸወ ፍጻሜ'ዩ ነይሩ። ካብ'ዚ ዝተላዕለ ድማ፡ እቶም ግብጻውያን መነኮሳት “ነጊድኩም ትምለሱ እንተኼንኩም ጽቡቕ፥ ኣብ'ዚ ግና ክንቅበለኩም ኣይንኽእልን ኢና” ምስበልዎም፡ “እዚ ደብሪ እዚ። “ኡመ ኑር" ( ናይ ኣደይ እዩ) ፥ ክነግድ ጥራይ ዘይኮንኩ ከኣ ክቕመጥውን ይግብኣኒ እዩ” ብምባል፡ ምስ ድንግል ማርያም ጽኑዕ ፍቕሪ ከም ዘለዎም ኣመስከሩ። ብድኅሪዚስ እቶም ገዳማውያን ውን ኣይቀጸሉን ፥ ክነብሩ ፈቐዱሎም። ስሞም ድማ አባ ዓብደል መሲሕ (ትርጉሙ አባ ገብረክርስቶስ) ብምባል ከጽውዕዎም

ጀመሩ።

አባ ገብረክርሰቶስ ናይ ምንኲስና ሕይወት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ ብሕትው ሕይወት'ውን ስለዝነበሮም፡ እቶም ገዳማውያን ብማኅበር ምስኣቶም ኪኾኑ፡ “መነኮሰ፡ መኣይይቱ ንሳቶም ስለዝኾኑ፡ ምዕ ከምኡ ዝኣመሰሉ መነኮሳት ክነብር ኣለዎ። ብዘይ መኣይይቲ ናይ ጉያ ውድድር ኣይግበርን'ዩ ነገርዎም። ንሶም ግና፡ "ጉያይ ናብ ክርስቶስ'ዩ መግበይ ክርሰቶሰ'ዩ” ብምባል ጽኑዕ ተባሕትዎ ንምፍጻም ካብ'ቲ ገዳም ኣርባዕተ ኪሎ ሜትር ርሒቖም፤ ናብ በዓቲ ቅዱስ ሚናስ ብምኻድ ሕይወት ብሕትውና ተተኃኃዝዎ። እቲ ከባቢ ርጉእ ብዘይምንባሩ፡ እቲ ጉዳይ ንናይ'ቲ እዋን ፓትርያርክ ግብጺ ብፁዕ ወቅዱስ አቡነ ቄርሎስ ነገርዎም። ኣቡነ ቄርሎስ ግና ብመንፈሰ ነቲ ጉዳይ ስለዝረኣይዎ፡ "ባሕታውያን ሓበሻ በይንኻ ምኟን እዮም ዝፈትዉ፥ ንዓና ንኹላትና ኪጽልዩልና። ደኃን ኅደግዎም” ብምባል ፍቓድ ሃብዎም።

አባ ገብረክርስቶስ፡ ካብ'ቲ በዓቶም እናወፅኡውን ማይ ብምውራድን ካልእ ገዳም ዝጠልቦ ዕዮ ብምዕያይን ነቲ ገዳም ዓቢይ ናይ ርድእና ሕይወት ኪንዮ ብቓል ብግብሪ መሃርዎ። ብተወሳኺ ናይ ጸሎትን ትምህርትን ሕይወት ዝያዳ ኵሉ ሕይወቶም ዓብዩ ብምንባሩ፡ “እንታይ ይምገቡ፤” ዝብል ኣብ ነፍስ ወከፍ ገዳማዊ ዓቢይ ሕቶ ኮነ። መልሲ ናይ አባ ገብረክርስቶስ ግና፡ “ክርስቶስ ዝህበኒ መግቢ ኣሎኒ” ኪንዮ ምባል፡ ካልእ ምላሽ ኣይነበሮን። በዚ ዓቢይ መንፈሳዊ ተጋድሎኦም ተደሪኾም ትምህርቲ ብሕትውና ካብኦም ዝተማህሩ ተማሃሮ ነይሮም እዮም። ሓደ ካብኣቶም ከ ብፁዕ ወቅዱስ አቡነ ሲኖዳ ሣልሳይ ናይ ሎሚ ፓትርያሪክ ሃገረ ግብጺ እዮም። አቡነ ሲኖዳ ብቓሎም ብዛዕባኦም ክምስክሩ ከለ' ዉ “ንኹሎም ቅዱሳን ብታሪኽ ኢና እንፈልጦም፥ ብዓይንና ዝረኣናዮም ቅዱስ ግና አባ ዓብደል መሲሕ እዮም" ይብሉ።

ኣብ ሃገረ ግብጺ፡ ፍሉይ ትምህርቲ ዝገደፍዎ፡ ነቲ ጠፊኡ ዝነበረ ናይ ብሕትውና ሕይወት ምብርባሮም ዝዓበየ ክኸውን ከሎ፡ “ንቃለ እግዚአብሔር ኣብ ልበይን ቃለይን'የ ዝኅዘ* ብምባል፡ መዝሙር ዳዊት ብቓሎም ብምውፃኦም ግብጻውያን መነኮሳት ብሥርዓት ኣመሃህራ ቤተ ክርስቲያን ሃገርና ከም ዝድነቑ ዝገበሩ ኣቦ እዮም። ኣብ መዝገብ ዝኸርታት ተማሃሮኦም ተጻሒፎም ዘለዉ ጥቕስታት'ውን ዓቢይ ትምህርቲ ዝህቡ እዮም። ውሱዳን ካብኣቶም ንምጥቃስ፡

“ኣነ ዘይፍለጥ ክኸውን'የ ዝፈቱ፤ ከም ታራ ሰብ ከኣ ክፍለጥ እደሊ።" “መግበይ፡ ጽዓተይ፡ ሓኪመይ ክርስቶስ'ዩ።" “ ፍልጠት እግዚአብሔር ኣካላዊ ጣዕሚ ኣብ ዝፈቱ ሰብእነት ኣይነብርን'ዩ። “ብሠናይ ምግባር ዘይተሰነየ ጸሎት፡ ከም ግመንገብገብ ዘይብሉ ኣሞራ'ዩ።” “ሓረስታይ ዕግበት ዝረክብ፡ ርሂጹ ብዝረኸቦ ሕብስቲ'ዩ። ርሂጽካ ዘየምጻእካዮ ነብስቲ

ግና ሓቀኛ ዕግስት ኣይህብን'ዩ።”

አቡነ ሲኖዳ ፓትርያርክ ምስ ኮኑ፡ ናብ'ቶም መምህሮም ዝነበሩ አባ ገብረክርስቶስ ክበጽሑ ከዱ፥ ብዙሳ ዕዮ ከም ዝዓየዩ፤ ብዙኃት አብያተ ክርስቲያናት ከምዘህነጹ ምስ ነገርዎም ግና፡ "ዋይ ወደይ! እሞ እዚ ኩሉ ክትሠርሕ ደኣ፡ መዓስ ጸሊኻ ማለት እዩ?” ኢሎም ብሕቶ መዓድዎም ይብሃል።

ድሕሪ ዕረፍቲ ብፁዕ ወቅዱስ አቡነ ቄርሎስ፡ ፓትርያርክ ሃገረ ግብጺ ናብ መንበረ ማርቆስ ዝተቐመጡ ተማሃራይ አባ ገብረክርስቶስ ዝኾኑ ብፁዕ ወቅዱስ አቡነ ሲኖዳ ሣልሳይ እዮም። ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ አባ ገብረክርሰቶት ኣብ በዓቲ ቅዱስ ሚናስ ኮይኖም ናይ ብሕትውና ሕይወት የካይዱ ነበሩ። ካብ'ቲ ቦታ ተበጊሶም ናብ ዶባት ሶርያ፤ በይሩት ብምኻድ ምስ ዝተፈላለዩ ካልኦት ቅዱሳን ይራኸበ ከም ዝነበሩ ከኣ ይንገር። ልዑል ድሌት ምብጻሕ ቅዱስ ቦታታት ስለዝነበሮም ድማ በቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ስለ ዘይዓገቡ፡ ናብ ኢየሩሳሌም ኪኸዱ ወሰኑ። ነዚ ድሌቶም እዚ ዝተረድኡ ብፁዕ ወቅዱስ አቡነ ሲኖዳ ድማ ብመርከብ ገይሮም ክኸዱ ከም ዘለዎም ኣረዲኦም ብሶርያ ኣቢሎም ናብ ኢየሩሳሌም ክኣትዉ ተላብዮም ኣፋነውዎም። ብድኅሪ'ዚ ኣባ ገብረክርስቶስ ኣብ ኢየሩሳሌም ከምዝኣተዉ ብናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዝተረጋገጸ እኳ እንተኾነ፡ በየናይ ዕለትን ኣበየናይ ቦታን ከምዝዓረፉ ዝፍለጥ ነገር የልቦን። ታሪኻዊ መዝገብ ዕለተ ዕረፍቶም ከምዝሕብሮ ግና ኣብ 1970ታት ከምዝዓረፉ ይፍለጥ (ተሰዊሮም ዝብሉ'ውን ኣለዉ)። ነዚ ሃብታም ታሪኽ ብዕለቱን ብዘመኑን ብርጠብ ከይጸሓፍ ዝገበረ ድማ እቲ፡ ዘይፍለጥ ክኸውን እየ ዝፈቱ፡ ከም ታራ ሰብ ከኣ ክቕጸር እደሊ” ዝብል ጽኑዕ መትከተሎም እዩ።

እዞም ዝኾነ በጻሒ ካብ ትዕዝብቱ ዝድምድሞ፡ መነኮሳት ገዳማተ ግብጺ ብቓላቶም፡ *አባ ገብረክርስቶስ እንተ ዘይህልዉ ነይሮም፡ ሎሚ ኣብ ግብጺ ሕይወት ምንኵስና ምተበላሸው ነይሩ” እናበሉ ዓቢይ ሥራሖም ዘዘንትዉሎም ቅዱስ ኣቦ። ኣብ'ዛ መበቈል ዓዶምን ቦታ ትምህርቶምን ምንኵስናኦምን ዝኾነት ሃገርና ኤርትራ ብዛዕባኦም ዝተኻየደ መጽናዕቲ የልቦን። እዚ ኸኣ እንተ ነፊዕናስ፡ ብዙሳ መጽናዕቲ ዘድልዮ ሃብታም ታሪኽ ከምዘሎና ዘነጽር እዩ። ኣቦታትና ግና ንሃገሮም ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ንኻልኦት አኃት አብያተ ክርስቲያናትውን ኣብነትን ናይ ግብሪ መምህራንን ዝኾኑ እዮም። ንሕና ድማ ኣሰረ ፍኖቶም ተኸቲልና ኣብ መድረኽ ጽድቂ ንወለዶታት መምሃሪ ዝኸውን ታሪኽ ክንሠርሕ ይግብኣና።

ጸሎትን በረኸትን ቅዱስ ኣቦና አባ ገብረክርስቶስ ምስ ተቓላትና ይኹን።